ናይ 2011 ዓ/ም በጀት ዓመት ብወረዳ ሕንጣሎ ወጅራት ቤት ፍርዲ ነዞም ስዒቦም ዝተዘርዘሩ ናይ ኤሌክትሮኒክስ፣ ናይ ሕትመት ስራሕቲ፤ ፈርኒቸርን፤ ናይ ህንፃ ውሽጣዊ መሳርሕታትን ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ሕዳር 27, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 17, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:ሕንጣሎ ዋጅራት
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 17, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

1 በቢ ዘርፊ ንግዱ ሕጋዊ ዝምልከት ኮይኑ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ ግብሪ ዝኸፈለን፤ መፍለይ ቁፅሪ ፤ናይ መቅረባይነት ምስክር ወረቀት፤ ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝተመዝገቡን ወርሓዊ ወርሒ ጥሪ ዲክለሬሽን ከቅርብ ዝኽእል፣ ኣብ እዋን ጨረታ ዝክፈተሉ ኦርጅናልን ሓደ ኮፒን ዘቀርብ።

2 ተጫረቲ ናይ ሕትመት ፣ ኤሌክትሮኒክስ፣ ፈርኒቸርን ናይ ህንፃ ውሽጣዊ መሳርሕታትን በቢዘርፉ ሰነድ መግዝኢ ጨረታ ዘይምለስ ብር 50.00 (ሓምሳ ብር) ኸፊሎም ካብ ዕለት 26/03/2011 ዓ/ም -17/03/2011 ዓ/ም ካብ ወረዳ ሕ/ወጀራት ቤት ፍርዲ ዓዲ ጉዶም ከ/ስ/ዕ/ፋይ/ምም/ ብምውሳድ ዋጋ መሊኦም ብሽምዒ ዝተኣሸገ ፖስታ ናብ ጨረታ ሳንዱቅ ከእትው ዝኽእል፤

3 ጨረታ መኸበሪ ብሲፒኦ ወይ ብጥረ ገንዘብ ጥራሕ ኮይኑ 3000.00(ሰለስተ ሽሕ ቅርሺ) ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ምስ ጨረታ ሰነድ ሓቢሩ ናብ ሳንዱቅ ዘእትው፤

4 እቲ ጨረታ ኮነ ኢሉ ዘዛብዐ ወይም ከጭበርበር ዝሞከረ ካብቲ ጨረታ ክወፅእ ተገይሩ ዘትሓዞ ጨረታ መከበሪ ተወሪሱ ብቲ ናይ ክልል ትግራይ ዕድጊት መምረሒ ዝደንጎጎ ብሕጊ ተሓታቲ ይኸውን፤

5 ድሕሪ ጨረታ ምኽፋቱ ዝኾነ ይኹን መመሓየሺ ኣብ ጨረታ ሰነድ ምግባር ብፍፁም ኣይፍቀድን።

6 ዝሰዓረ ኣካል ዝፍለየሉ ንዝተሓተቱ ጠቅላላ ኣቅሑት ብዝተሓተ ዋጋ ዘቅርብ ሰዓራይ ይኸውን፤

7 ተጫራታይ ዝሰዓሮ ንብረት እቲ ጨረታ ሰዓራይ ምኳኑ ካብ ዝተፈለጠሉ (ክፈልጦ ካብ ዝግባእ) ዕለት ጀሚሩ ድሕሪ 3ተ መዓልቲ ኣብ 5ተ መዓልቲ ውሽጢ ናብ ወረዳ ሕ/ወጀራት ቤት ፍርዲ ዓዲ ጉዶም መፂኡ ውዕሊ ይኣስር።

8 ኣብ ጨረታ ከይዲ ቅሬታ እንታሃልዩዎ ጨረታ ውሳነ ካብ ዝረኸበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ 3ተ ተኸታታሊ ናይ ስራሕ መዓልቲ ጥራሕ ናብ ወ/ሕ/ወ ቤት ፍርዲ ዓዲ ጉዶም ቅሬታ ዘለዎ ቅሬትኡ ብፅሑፍ ከቅርብ ኣለዎ።

9 ሰዓራይ ናይ ዝሰዓሮ ጠቅላላ ዋጋ 10% ውዕሊ መኸበሪ ብጥረገንዘብ ወይም በሲፒኦ ከትሕዝ ዝኽእል፤

10 ተጫራታይ ካብቲ ናይ ትግራይ ናብ ዕድጊት መምርሒ ወፃኢ ዝኾነ ናይ ግዜ ገደብ ሂቡ እንተተወዳደሩ ሰዓራይ አብ ዝኾንሉ በቲ ናይ ዕደጋ መምርሒ ዝተኣናገድ ምኳኑ ፈሊጡ ናይ ባዕሉ መምርሒ ከቅምጥ ከምዘይብሉ እንተቀመጠ እውን ተቐባልነት የብሉን፤

11 እቲ ቤት ፍርዲ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 እቲ ቤት ፍርዲ 20% ናይቲ ዝተስዓረ ንብረት ዋጋ መጠን ናይ ምውሳኽን ምቅናስን መሰል ኣለዎ።

13 እዚ ጨረታ 17/04/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ ሰዓት 4:30 ኣብ ወረዳ ሕ/ወጀራት ቤት ፍርዲ ዓዲ ጉዶም ከ/ስ/ዕ/ፋይ/ንብ/ምም/ርን ብበዓል ዋና /ሕጋዊ ወኪል/ ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0344-370769 ደዊልካ መብርሂ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle